# ምምሕያሽ ምክልኻል መሰል ተምሃሮ
# ናይ 2019-20 ዓመታዊ ናይ መሰላት ምልክታ

ምምሕያሽ ምክልኻል መሰል ተምሃሮ (PPRA) ናይ ዳህሰሳ ፅንዓት፣ዕዳጋን ዝተወሰኑ ናይ ኣካል ምርመራን ሓበሬታ ምእካብ ብዝምልከት ዝተወሰኑ መሰላት ንናይ ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ ተምሃሮ ወለዲ ወይ መዕበይቲ ዝህብ ናይ ፌደራል ሕጊ እዩ። ሲያትል ናይ ትምህርቲ ቦርድ ናይ PPRA መሰላትን ግዴታትን ብዝርዝር ብምርኣይ ቦርድ ፖሊሲ ቆፅሪ 3232 ኣፅዲቑ።እዞም ዝስዕቡ መሰላት የጠቓልል፣ኮይኑ ግና በዚኦም ጥራይ ዝተወሰነ ኣይኮነን:

• *እቲ መፅናዕቲ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብ ዪ.ኤስ ትምህርቲ ክፍሊ ፕሮግራም ዝድገፍ እንተኾይኑን ተምሃሮ ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ምክልኻል ዝግበረሎም መስክታት(ምክልኻል ናይ ዝግበረሎም ናይ ዳሰሳ ፅንዓት) ውሽጢ ናይ ዳሰሳ ፅንዓት ንኽቕርቡ ቅድሚ ምጥያቖም ስምምዕ ክፍፅሙ ኣለዎም–*

1. ናይ ተምሃራይ ወይም ናይ ተምሃራይ ወላዲ ናይ ፖለቲካ ርክብ ወይ እምነት፤
2. ናይ ተምሃራይ ወይ ናይ ተምሃራይ ወላዲ አእምሮዊ ወይ ስነልቦናዊ ፀገም፤
3. ፆታዊ ስነምግባር ወይ ኣመለኻኽታ፤
4. ሕጋዊ ዘይኮነ፣ፀረ ማሕበራዊ፣ዓርስኻ ዘውንጅል ወይ ዘትሕት ስነምግባር፣
5. መልሲ ወሃብቲ ንኻልኦት ናይ ቀረባ ቤተሰብ ዝምድና ብዝህልዎም ርክብ ዝህብዎ ወሰንቲ ግምታት፣
6. ብሕጊ ኣፍልጦ ምስ ዘለዎም ፍሉይ ርክብ፣ንኣብነት ምስ ጠበቓታት፣ምስ ዶካትራት፣ወይ ምስ ሚኒስተራት፤
7. ናይ ተምሃራይ ወይ ወላዲ ተምሃራይ ሃይማኖታዊ ልምድታት፣ምትእስሳር፣ወይ እምነታት፤ወይ
8. እቶት(ናይ ፕሮግራም ብቑዕነት ንምውሳን ብሕጊ ካብ ዝጥየቕ ወፃኢ)።

• *ሓደ ተምሃራይ ካብዞም ዝስዕቡ ወፃኢ ንኽኸን(ንኽይሳተፍ)ናይ ምምራፅ ምልክታን ዕድልን ምርካብ–*

1. ዝኾነ ይኹን ናይ ገንዘብ ድጋፍ፣ዝኾን ካሊእ ምክልኻል ናይ ዝግበረሎም ሓበሬታት ናይ ዳህሰሳ ፅንዓት፤
2. ዝኾነ ዓይነት ድንገተኛ ዘይኮነ፣ ንኣቴንዳንስ ኣድላዪ ዝኾነ ኣካላዊ ምርመራ፣በቲ ቤት ትምህርቲ ወይ ብወኪል ዝካየድ፣ካብ ናይ ምስማዕ፣ናይ ምርኣይ፣ናይ ስኮሎሲስ ወይ ብሕጊ ስቴት ዝተፈቐደ ወይ ኣድላዪ ዝኾነ ናይ ኣካል ምርምራ ወፃኢ ናይ ተምሃርይ ጥዕናን ድሕንነትን ንምሕላው ኣድለይቲ ዘይኮነ፣
3. ሓበሬታ ምእካብ፣ግልፂ ምግባር፣ወይ ካብ ተምሃሮ ዝተኣከቡ ናይ ውልቀ ሓበሬታ ንዕዳጋ፣ንመሸጣ ወይ ንኻልኦት ንምዕዳል ምጥቃም ዝበሉ ምንቅስቃሳት። (እዙይ ንተምሃሮ ወይ ንናይ ትምህርቲ ተቋማት ናይ ትምህርቲ ውፅኢታት ወይ ኣገልግሎታት ንምዕባይ፣ንምግምጋም፣ወይ ንምቕራብ ዓላማ ዝገበረ ካብ ተምሃሮ ዝተኣከበ መረዳእታ ምእካብ፣ግልፂ ምግባር ወይ ምጥቃም ኣይምልከትን።)

• *እንትጥየቕ፣ቅድሚ ምትግባር ወይ ምጥቃም እዞም ዝስእቡ ምርኣይ–*

1. ሓለዋ ዝግበረሎም ናይ ተምሃሮ ሓበርሬታታት መፅናዕትን ብሳልሳይ ኣካል ዝግበሩ መፅናዕታትን፤
2. ንዝኾነ ኣብላዕሊ ዝተጠቐሱ ዕዳጋ፣መሸጣ ወይ ኻሊእ ዕደላ ዝዓለመ ናይ ተምሃሮ ውልቃዊ ሓበሬታ ንምእካብ ዘገልግሉ መስርሕታት፣
3. ከም ናይ ስርዓተ ትምህርቲ ኣካል ኮይኖም ዘገልግሉ ናይ ትምህርቲ ቁሳቑሳት

እዞም መሰላት ካብ ወለዲ/መዕበይቲ ናብ ደቂ 18 ዓመት ወይ በቲ ናይ ስቴት ሕጊ መሰረት ናብ ኣካለ መጠን ዝበፅሑ ተምሃሮ ይመሓላለፉ።

መሰልና ተጋሂሱ እዩ ኢሎም ዝኣምኑ ወለዲ/መዕበይቲ ቅሬተኦም ናብ ዝስዕብ ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም።:
Family Policy Compliance Office, U.S. Department of Education, 400 Maryland Avenue SW, Washington, D.C. 20202

ዝሕሰቡ ናይ ሓበሬታ ኣተኣኻኽባ ፃዕሪታት ኣብዚ ዝስዕብ ተዘርዚሮም ኣለው።

ብናይ ትምህርቲ ዲፓርትመንት ገንዘብ ዝድገፍ መፅናዕቲ(ኣክቲቭ ስምምዕ):

- ኣብ 2019-20 ናይ ትምህርቲ ዘመን ብናይ ትምህርቲ ዲፓርትመንት ድጋፍ ክካየዱ ዝተሓሰቡ ፅንዓታት የለዉን።.

ካልኦት መፅናዕቲታት (ንዘይምስታፍ ናይ ምምራፅ መሰል):

- ዓርስኻ ምፍታሽ – ብዛዕባ ናይ ጥዕና ስነምግባራት ቅልጡፍን ውልቃዊን ግብረመስልሲ ዝህብ ብ ኪንግ ካውንቲ ዝድገፍ ምርመራ እዩ።እቶም መጠይቓት ብዛዕባ ጥንክር ጎኒታት፣ድጋፋት፣ትልምታት፣ኣጠቓቕማ እፅ፣ጉድኣትን፣ድሕንነትን ይጥይቑ።ንኹሎም 7ይ ክፍሊ ተምሃሮ ኣብ ቀውዒ/ክረምቲ ውሽጢ እንትውሃብ ንዝተመረፁ ተምሃሮ ድማ ዓመት ሙሉእ ይወሃብ።
- ናይ መንእሰያት ዘስግኡ ስነምግባር ፅንዓት – እዙይ ብሄራዊ ፅንዓት ብናይ ሕማም ቀፅፅርን ምክልኻልን ዝድገፍ በብክልተ ዓመት ናይ ትምህርቲ ዘመን ዝካየድ ሃገራዊ ፅንዓት እዩ።እቶም መጠይቓት ብዛዕባ ናይ ኣእምሮ ጥዕና፣ድሕንነት፣ፆታዊ ስነምግባር፣ኣጠቓቕማ እፅ፣ናይ ኣካል ምንቅስቃስን ኣመጋግባን ሓዊሱ ናይ ካልኣይ ብርኪ ተምሃሮ ብዛዕባ ናይ ጥዕና ስነምግባራት ይጥይቑ።እዚ ፅናዓት ኣብ 2020-210 ናይ ትምህርቲ ዘበን ክካየድ እዩ።

- ብዛዕባ ናይ ቤት ትምህርቲ ኹነታት ናይ ተምሃራይ ፅንዓት – ብዛዕባ ናይ ቤት ትምህርቲ ኩነታትን ባህልን፣ከምኡ እውን ፅሬት ትምህርቲ ንተምሃሮ ዝሓትት ናይ ዲስትሪክት ዓመታዊ ፅንዓት እዩ።እዙይ ናይ ዝተሓለወ መረዳእታ ፅንዓት ኣይኮነን።ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ኣብ ዝተሓለዉ መስክታት ዝጥየቑ ሕቶታት ኣይሕተቱን።ካብ 3ይ-12 ክፍሊ ተምሃሮ ኣብ ፅድያ ይወሃብ።
- ናይ ጥንካረን ፀገምን መጠይቓት(SDQ) –SDQ ናይ ቤት ትምህርቲ ነርስታት ትምህርታዊ ዓወታት ንምዕባይን ናይ ትምህርቲ ዕንቅፋታት ንምቕናስን ዝጥቀሙሉ ሓፂር ማሕበራዊን ስምዒታዊን መጠይቕ እዩ። እቶም ሕቶታት ብዛዕባ ኣእምራዊ/ስነልቦናዊ ኢሉእውን ብዛዕባ ካብ ሕጊ ወፃኢ ስነምግባራት ብዝምልከት ይጥይቑ።SDQ  ብናይ FEPP ግብሪ ዝድገፉ ኣብያተ ትምህርቲ ዝመሃሩ ናይ 6ይን 9ይን ክፍሊ ተምሃሮ ኣብ ቀውዒ/ክረምቲ ይወሃብ።